ብሮሹር ሓበሬታ
ንተጠቀምትን ንቤተሰቦምን ዚኸውን ሓበሬታ

# ኤሌክትሮኒካዊ መከፋፈሊ መድሃኒት እንታይ እዩ፧



Photo: Dignio

# መድሃኒት ዘከፋፍል መሳርሒ



**መድሃኒታትካ ክትወሰድ ክትዝክር ይኸብደካ ድዩ፧**

እምበኣር፡ እቲ ኤሌክትሮኒካዊ መከፋፈልቲ መድሃኒት ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ኣብቲ ክትወሰደሉ ዝግብኣካ ሰዓት የፍልጠካን መድሃኒት ይህበካን እዩ።

እተፈላለየ ዓይነት ናይ መከፋፈልቲ መድሃኒት መሳርሒታት ኣሎ። ኣየናይ ንዓኻ ከም ዝኸውን ክፍለጥ ዝከኣል፡ ኣብቲ መድሃኒትካ ክትወሰድ ክሳዕ ክንደይ ደገፍ ከም ዘድልየካ እተመርኰሰ እዩ።

መከፋፈሊ መድሃኒት ብምጥቃም፡ እቲ መድሃኒት ከይትርሰዮ ወይ ከኣ ብጌጋ ከይትወሰድ ከይተጨነቕካ፡ መድሃኒታትካ ኣብ ልክዕ ግዜ ክትወሰድ ትኽእል ኢኻ። ነቶም ኣብ ገዛ መጺኦም ዝኣልዩ ኣለይቲ ሕሙማት ክትጽበ እውን ኣየድልየካን እዩ፣ በዚ ኸምዚ ኸኣ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ዝያዳ ናጽነትን ተዓጻጻፍነትን ይህልወካ።

ኣብቲ እተመደበልካ ግዜ ነቲ መድሃኒት እንተ ዘይወሰድካዮ፡ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ሓበሬታ ይበጽሖም እዩ። ብድሕሪኡ ነቲ መድሃኒት ክትወሰዶ ምእንቲ ኸዘኻኽሩኻ ምሳኻ ርክብ ክገብሩ እዮም። እቲ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ኣብቲ ኮሙነ ምስ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና እውን ርክብ ክገብር ይኽእል እዩ።

# መድሃኒት ብዓቐን ዝህብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ

መድሃኒት ብዓቐን ዝህብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ ኣብ ልክዕ ግዜ ልክዕ ዝኾነ መድሃኒት ብቐሊልን ውሑስን መገዲ ክትረክብ ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ። እቲ መሳርሒ ነቲ መድሃኒት ኣብ እትወስደሉ ግዜ የዘኻኽረካ እዩ።

እቲ መድሃኒት ብዓቐን ዝህብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ፡ 28 ናይ መድሃኒት መትሓዚ ኽፍልፋላት ኣለዎ፣ መድሃኒት ክትወሰደሉ ኣብ ዝግብኣካ ሰዓት ከኣ ማሕታ መብራህቲ ብምውላዕ ወይ ከኣ ድምጺ ብምግባር የዘኻኽረካ። እቲ መድሃኒት ጽኑዕን ኣብ ዝደለኻዮ ክትወስዶ ቀሊልን እዩ።
እቲ ዓቐን መድሃኒት ኣብ መዓልቲ ሓደ ወይ
ልዕሊኡ ግዜ ንኽትወስዶ መደብ
ክግበር ይከኣል እዩ።






Photo: Dignio

# ኤሌክትሮኒካዊ መከፋፈሊ መድሃኒት

ኤሌክትሮኒካዊ መከፋፈሊ መድሃኒት ካብ ፋርማሲ ተመጢኑ ንእተዋህበ መድሃኒታት ዝህብ መሳርሒ እዩ። እዚ ድማ ልክዕ መድሃኒት ኣብ ልክዕ ግዜ ከም እትረክብ የረጋግጽ ከምኡውን ንሓደ ግዜ እተመጠነልካ መድሃኒት መዓስ ከም እትወስዶ የዘኻኽረካ። ማሕታ መብራህቲ ብምውላዕ ወይ ከኣ ድምጺ ብምግባር ከኣ እዩ ዘዘኻኽረካ።




ነቲ መድሃኒት ንምውሳድ፡ ነቲ ሕራይ (OK) ዝብል ጠውቕ፡ ካብቲ መከፋፈሊ መድሃኒት ከኣ ከኒና ኽወጽእ እዩ። እቲ መከፋፈሊ መድሃኒት ኣብ መዓልቲ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ግዜ መድሃኒት ከም ዝህብ ክግበር ይከኣል እዩ።

ኤሌክትሮኒካዊ መከፋፈሊ መድሃኒት ኣብ ምሹእ ቦታ ክቕመጥ ኣለዎ፣ ኣብ ሶኬት እውን ክሰኳዕ ኣለዎ። እቲ ኤሌክትሮኒካዊ መከፋፈሊ መድሃኒት መሳርሒ ኣብ ልዕሊ ላቫንዲኖ (መተሓጸጸቢ)፡ ወይ ኣብ ጥቓ ካልእ ማይ ዘለዎ ቦታ፡ ኣብ ጸፊሕ ኣብ ዘይኩነ ቦታ (ንኣብነት ጥጡሕ ኣብ ዘይኩነ ጠረጴዛ ወይ መንበር)፡ ቀጥታዊ ብርሃን ጸሓይ ወይ ካልእ ምንጪ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ቦታ፡ ንኣብነት ኣብ ጥቓ ፎርኖ ወይ እቶን ሓዊ ኣይተቐምጦ።

መድሃኒትካ ኣብ እትወሰደሉ ግዜ ኣብ ገዛ እንተ ዘይሃሊኻ፡ ወይ ክትገይሽ እንተ ኼንካ፡ ካብቲ መከፋፈሊ መድሃኒት ክንድቲ ዘድልየካ መድሃኒታት ኣቐዲምካ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ከም ንቡር፡ እዚ ሜላ እዚ ብሰራሕተኛታት ኣለይቲ ሕሙማት ጥራይ እዩ ክግበር ዝኽእል፡ እንተኾነ ግን ነዚ ክትጥቀመሉ ፍቓድ ክትረክብ እውን ትኽእል ኢኻ።



ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ኮሙነኻ ምስ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና ተራኸብ።

**ቪድዮ - ኤለክትሮኒካዊ ደገፍ መድሃኒት**
ነዚ QR ኮድ ብተሌፎንካ ስካን ብምግባር፡ ነቲ «ኤለክትሮኒካዊ ደገፍ መድሃኒት» ዘርእሰቱ ቪድዮ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

**ማእከል ህጹጽ ምላሽ - ነቲ ናይ ህጹጽ ግዜ ጸውዒትካ ዝቕበል**
ነዚ QR ኮድ ስካን ብምግባር፡ ነቲ ብዛዕባ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ዝገልጽ ቪድዮ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

Responssenteret
- alltid i nærheten